ካቶሊካዊ ርእሰ ኤጳርቅና ዘበኣሥመራ
ኣሥመራ - ኤርትራ

# እምነት ብዘይግብሪ ምውቲ እያ!

ርእሰ ዓመት፣ ዘመነ ማርቀስ ፩ መስከረም ፳፻፲፬፣ 11 መስከረም 2021

ክቡር ሕዝበ እግዚኣብሔር፣

ቅድሚ ኩሉ ምስ ቅዱስ ጴጥሮስ ሊቀ ሓዋርያት ኮይነ፣ *"ብቲ ቀዳሲ ዝኾነ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ እግዚኣብሔር ኣቦ ዝኃረየኩም ጸጋን ሰላምን ኣባኻትኩም ይብዛን"(1ጴጥ 1:2)* እናበልኩ ልባዊ ናይ ሓዲስ ዓመት ቅዱስ ማርቀስ ወንጌላዊ ምንዮተይ እገልጸልኩም። እግዚኣብሔር ዝሃቦ እዩ *'ዓመት ንዓመት የድግመና'*! እናበለ ነዚ ጸጋ እዚ ዝቐበሉ እሞ፣ ሎምዘመን ከኣ እቲ ነዚ ዕድል'ዚ ዝሃበና ኩሉ ዝኽእል ጐይታ ዝተመስገነ ይኹን።

*መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ነቶም ዝሰምዕዎ ዝነበሩ ሕዝቢ ኣነጺሩ፣ "እምበኣርከስ ብፍሬኦም ክትፈልጡዎም ኢኹም። ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር ደኣ እምበር፣ ጐይታይ ጐይታይ ዝብለኒ ኩሉ ናብ መንግሥተ ሰማያት ኣይኣቱን እዩ"* (ማቴ 7:20-21) በሎም። እዚ ማለት ከኣ ተኣምኖተ-ሃይማኖት፣ ብተኣዝዞተ-ሃይማኖት ዘይተሰነየን ዘይተደገፈን እንተኮይኑ ትርጉም የብሉን። ተኣምኖተ-ሃይማኖት ማለት ብኣፍካ እምነትካ ምግላጽ፣ ምምስካር የስምዕ። ተኣዝዞተ-ሃይማኖት ከኣ ነቲ እትኣምኖ ኣብ ግብሪ ምውዓል ማለት እዩ። ኣብ ወንጌል ሉቃስውን፣ ሓደ ምሁር ናይ ዘለዓለም ሕይወት ክወርስ እንታይ ክገብር ይግብኣኒ ኢሉ ምስ ሓተቶ፣ ኢየሱስ ብወገኑ፣ *"ኣብ ሕጊ ሙሴ እንታይ ጽሑፍ ኣሎ? እንታይከ ተንብብ?* ኢሉ ብካልእ ሕቶ ይቐበሎ እሞ፣ እቲ ምሁር ከኣ *"ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻ፣ ብኩሉ ነፍስኻን ብኩሉ ኃይልኻን ብኩሉ ኣእምሮኻን ኣፍቅሮ፣ ንብጻይካ ድማ ከም ነፍስኻ ኣፍቅር፣'* ኢሉ መለሰሉ። ኢየሱስ ከኣ *'ጽቡቕ መሊስካ፣ ከምኡ ግበር እሞ ብሕይወት ክትነብር ኢኻ' በሎ"*(ሉቃ 10:26-28)። *"ንሱ ግና ንርእሱ ከመጻድቕ ደልዩ፣ ብጻየይከ መን እዩ?"* (ሉቃ 10:29) ኢሉ ምስ ሓተቶ፣ ኢየሱስ፣ ዛንታ ናይ'ቲ ሰረቕቲ ኣብ መገዲ ዝኸተርዎ እሞ ከትኪቶም ዝኃደግዎ ሰብኣይ ይትርኸሉ። እቲ ካህን ኮነ እቲ ሌዋዊ ደጋዊ ንጽሕና ምእንቲ ክሕልዉ ኢሎም ካብ ምሕጋዙ ክቑጠቡ ከለው፣ እቲ ጓናን ሕያዋይን ሳምራዊ ግን ደንጊጹ ብርኅራኄ ከምዝሓገዞ ድሕሪ ምግላጽ፣ ኢየሱስ እንደገና ነቲ ምሁር፣ *"ነቲ ኣብ ኢድ ከተርቲ ዝወደቐስ ካብዞም ሠለስተ ብጻይ ዝኾኖ ኣየናዮም ይመስለካ?'* (ሉቃ 10:36) ኢሉ ይሓቶ፣ ንሱ ከኣ *"እቲ ሠናይ ዝገበረሉ"* ኢሉ መለሰ። *"ኢየሱስ ከኣ 'እምበኣር ኪድ ንስኻውን ከምኡ ግበር' በሎ"* (ሉቃ 10:37)። ካብዚ ዝንጽር ትምህርቲ የልቦን።

ቅዱስ ያዕቆብ ሓዋርያውን ኣብ መልእኽቱ፣ ኣብዚ ከምዚ ዝበለ ንጹር ትምህርቲ ኢየሱስ ተመርኩሱ እዩ፣ *"ኣኅዋተይ፣ ሓደ ሰብ እምነት ኣላትኒ እንተበለ፣ ምግባር ግና ካብ ዘይትህልዎ እንታይ ትጠቕም? እዛ እምነት እዚኣዶ ከተድኅኖ ትኽእል እያ? ኃው ወይ ኃውቲ እንተ ዓረቑ፣ ናይ ዕለት ምግቢውን እንተ ሰኣኑ፣ እሞ ሓደ ካባኻትኩም ንሥጋኦም ዘድሊ ከይሃበ፣ 'ብሰላም ኪዱ፣ ሙቑ፣ ጽገቡ' እንተበሎም፣ እንታይ ይጠቅም? ከምኡ ከኣ እምነት ምግባር እንተ ዘይብላ፣ ንርእሳ ምውቲ እያ" (ያዕ 2:1417)* ዝበለ። ብሓቂ ከኣ እምነትና ምስ ዕለታዊ ተግባርና እንተዘይተጋጠመት ሓቀይና እምነት ኣላትና ክንብል እይንኽእልን ኢና። ቅዱስ ያዕቆብ ቀጺሉ፣ *"ሓደ ግና 'ንስኻ እምነት ኣላትካ፣ ኣነ ከኣ ግብሪ ኣሎኒ' ይብል ይኸውን። እምበኣር እምነትካ ብዘይግብሪ ኣርእየኒ፣ ኣነውን ብግብረይ ገበረ እምነተይ ክርእየካ"* (ያዕ 2:18) ብምባል ነቲ ብኣፉ ጥራይ ኣማኒ እየ ዝብል ግን ብተግባር ዘይፍጽሞ ሰብ ክብድሆ ንረኽቦ። ብሓቂ ከኣ፣ *"ሥጋ ብዘይ መንፈስ ምውቲ ከምዝኾነት፣ እምነትውን ብዘይ ግብሪ ምውቲ እያ"* (ያዕ 2:26)። እኖና ቅድስቲ ቤተክርስትያን እውን ኣብቲ ብርሃን ኣሕዛብ ዝተባህለ ዓብይ ሰነዳ፣ ነዚ ወንጌላዊ ማዕዳ እያ እትደግመልና። ስለዝተጠመቕና ብቃል ጥራይ ክርስትያን እየ እናበልና እንተተጀሃርና ሓንቲ ጠቕሚ የብሉን። ብሓቂ ከኣ፣ *"ሓደ ሰብ ኣባል ናይዛ ቤተክርስትያን ኮይኑ እንክብቅዕ፣ ኣብ ፍቕሪ እንተዘይጸኒዑ ክድኅን ኣይክእልን እዩ። እዚ ሰብ እዚ ኣብ ሕጽኒ ቤተክርስትያን ደኣ ይሃሉ እምበር፣ ብልቢ እንተዘይኮይኑ፣ ብኣፍኣዊ ህላዌ ብኣካል ጥራይ እዩ ዝነብር ዘሎ ማለት እዩ። ኣብዚ ኩላቶም ደቂ ቤተክርስትያን ክዝክርዎ ዝግባእ ጉዳይ እንተሎ፣ እዚ ሓለፋ ኣባልነት እዚ ብሞያኦም ዘይኮነስ ብጸጋ ክርስቶስ ዝረኸብዎ ምኳኑ እዩ። ነዚ ጸጋ'ዚ ድማ ብሓሳቦምን፣ ብቃሎምን፣ ብግብሮምን ምሳ እንተዘይመሊሶም ኣይክድኅኑን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ብቑጥዓ እኳ ክፍረዱ እዮም"* (ብርሃን ኣሕዛብ ቍ.14)።

ቅዱስ ያዕቆብ ብሕጽር ዝበለ፣ ግን ከኣ ኣዝዩ ንጹር ኣገባብ፣ *"ሃይማኖት እንበለ ግብር ምውቲ ይእቲ"* ሃይማኖት (እምነት) ብዘይግብሪ ምውቲ እያ እናበለ ዓብይ መዘኻኸርን መጠንቀቕታን ይህበና ኣሎ። ስለዚ ኣብዚ እንኣትዎ ዘሎና ሓዲስ ዓመት ዘመነ ማርቀስ እምነትና ከመይ ከምዘላ ክንፍትሸ ንጽዋዕ ኣሎና። ገለ ጽቡቕ እንተገበርና እውን ምናልባት ከምቲ *"እ ኣምላኽ ፣ ከምቶም ካልኦት ሰባት ከተርቲ፣ ዓመጽቲ፣ ዘመውቲ፣ ወይ ከምዚ ተቐባል ቀረጽ እዚ ስለዘይኮንኩ ኣመስግነካ ኣሎኹ። ኣብ ሰሙን ክልተ መዓልቲ እጸውም፣ ካብ ኩሉ ገንዘበይ ከኣ ዕሸር እውጽእ"* ሉቃ 18:11-12) እናበለ ዝጸለየ ፈሪሳዊ፣ ከይንከውን ክንጥንቀቕ የድሊ። ዝኾነ እንገብሮ ጽቡቕ ስራሕ እውን ምእንቲ ሰብ ክርእየልናን ክሰምዓልናን ኢልና ዘይኮነ፣ ምእንቲ ጐይታ ኢልና፣ ብቅንዕናን ብትሕትናን ክንፍጽሞ ከሎና እዩ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ፍረ ዘለዎ ዝኸውን። ከምቲ ቅዱስ ዮሓንስ እውን ዝብሎ እውነተይና እምነት ክርስትና ብግብሪ እዩ ዝግለጽ። *"ዝኾነ ይኹን ጥሪት እዛ ዓለም እዚኣ ዘለዎ እሞ ኃዉ ተሸጊሩ ከሎ እናረኣየ እንተዘይደንገጸሉ፣ ከመይ ኢሉ ደኣ ንኣምላኽ ኣፍቅሮ እየ ኪብል ይኽእል?"(1ዮሓ 3:17)*። ሰዓብቲ ክርስቶስ ምስ ቅዱስ ዮሓንስ ኮይናም፣ *"ብግብርን ብሓቅን እምበር፣ ብቃልን ብልሳንን ኣይንፋቐር"(1ዮሓ 3:18)* እናበሉ እዮም ንእምነቶም ኣብ ግብሪ ዘውዕሉ። እዚ ከኣ ቀሊል እዩ ማለት ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት እዩ ቅዱስ ጳውሎስ እውን፣ *"መንግሥቲ ኣምላኽ ብኃይሊ እምበር ብዘረባ ኣይኮነትን"*(1ቆሮ 4: 20) ዝብለና። ሓቀይና ናይ ምሕረት ኮነ ናይ ፍቕሪ ስራሕ ከኣ፣ ኩሉ ጊዜ ኣብ ገዛና ክጅምር ኣለዎ። ዝኾነ ሠናይ ግብሪ ወይ ናይ ምሕረት ስራሕ፣ ከምቲ ባዕሉ እግዚኣብሔር ዝበሎ፣

ካብቶም ምሳና ዝነብሩን ዝጕዓዙን ክብገስ ከሎ ሓቅነት ፍቕርናን ልግስናን ይርአ ማለት እዩ። በዚ እዩ እግዚኣብሔር፣ ቀደም ንደቂ እስራኤል፣ ሎሚ ድማ ንኣና፣ "ድኻታት ኣብ ማእከል ሃገር ኣይሰኣኑን እዮም እሞ፣ ነቲ ኣብ ሃገርኩም ዘሎ እስራኤላዊ ኀዉኹምን ሸገርኩምን ብልግሲ ሃብዎ፣ ኢለ እእዝዘኩም ኣሎኹ"(ዘዳ 15:11) ዝብለና።

ኣብቲ ዘገርም መጽሓፍ ጦቢት እውን ብዛዕባ ኣወሃህባ ምጽዋት ንጹር መምርሒ ንረክብ። "ክትምጽውት ከሎኻ ድማ ብንፍገት ኣይትሃብ። እግዚኣብሔር ገጹ ከይከልኣካ ንድኻ ገጽ ኣይትኽልኣዮ። ወደየ ክትምጽውት ከሎኻ፣ ከም ብዝኂ ሀብትኻ ሃብ። ብዙኅ ሃብቲ እንተ ኣሎካ፣ ክትምጽውት ከሎኻ ኣብዚኅካ መጽውት። ሀብትኻ ቍሩብ እንተ ኮይኑ ከኣ ካብቲ ዘሎካ ሃብ። ካብ ምምጽዋት ግና ዓዲ ኣይትውዓል። እዚ ከም ዝተዓቝረ ገንዘብ ኮይኑ ክጠቕመካ እዩ። ብጊዜ ጸበባ ከኣ ዓሰቢ ክትረክብ ኢኻ። ንድኻታት ምጽዋት ምሃብ፣ ካብቲ ጸልማት ዝኾነ ዓዲ ምውታት የድኅነካ። እቶም ምጽዋት ዚህቡ፣ ንልዑል እግዚኣብሔር ዜሓጉስ ብቑዕ መባእ የቕርቡ" (ጦቢ 4:7-11)። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ብግልጺ፣ "ጥሪትኩም ሸጥኩም ምጽዋት ሃቡ። ሠራቒ ኣብ ዘይረኽቦ, ነቐዝ ኣብ ዘየበላሽዎ፣ ዘይበሊ ማህፉዳን ዘይጕድል ሀብትን ኣብ ሰማይ ዕቘሩ"(ሉቃ 12:33) ይብለና። ነዚ ትምህርቲ ጐይታ ብምሉእ ልባ ዝተቐበለት ኣብ ከተማ ኢዮጴ እትነብር ዝነበረት ጣቢታ እትበሃል ኣማኒት ወትሩ "ሠናይ ምግባርን፣ ምጽዋት ምሃብን እተዘውትር ነበረት" (ግ.ሓ 9:36)። እዚ ኩሉ ከኣ ኣብቲ ኢየሱስ ብቃሉ ዝመሃሮ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኣውራ እኳ ኣብቲ ብግብሪ ኣብ ሕይወቱ ዘርኣየና ኣብነት ዝተመስረተ እዩ። "ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ትፈልጡ ኢኹም፣ ንስኻትኩም በቲ ድኽነቱ ምእንቲ ክትህብትሙ፣ ሀብታም ከሎ ምእንታኻትኩም ደኸየ'(2ቆሮ 8:9)። "ክርስቶስ ንሕይወቱ ኣብ ክንዳና ሰለዘኅለፈ፣ ንፍቕሪ በዚ ኢና እንፈልጣ። ንሕናውን ኣብ ክንዲ ኣኅዋትና ሕይወትና ከነኅልፍ ይግብኣና እዩ" (1ዮሓ 2:16)። ተኣምኖተ-ሃይማኖትን ተኣዝዞተ-እምነትን ክልተ ገጽ ናይ ሓንቲ ሓቀይና ክርስትያናዊት ሕይወት እየን ክኾና ዝግባእ። ኣጸላልያና ንእምነትና ክገልጽ፣ ሕይወትና ድማ ንእምነትና ብተግባር ከርኢ ኣለዎ። በዚ እዮም እቶ ቀዳሞት ኣበው ቤተክርስትያን "ሕገ ጸሎት ሕገ እምነት እዩ፣ ሕገ ሕይወት ከኣ እዩ"፣ እናበሉ ዝምህሩን ዝጽሕፉን ዝነበሩ።

ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝብሎ፣ ብሓቂ "ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ እንተ ደኣ ኣሊና፣ እታ ብፍቕሪ እትሰርሕ እምነት እምበር ግዝረት ኮነ ዘይግዝረት ጥቕሚ የብሉን"(ገላ 5:6)። ንኣና ንኣመንቲ ኣኅዋት ዝገብረና፣ ወይ ኀብረት ዝህበና፣ "ሓደ ጐይታ፣ ሓንቲ እምነት፣ ሓንቲ ጥምቀት" (ኤፌ 4:5) ደኣ እምበር፣ ካልእ ዝኾነ ዓለማዊ ዕርክነት፣ ሥጋዊ ዝምድና ወይ ጊዚያዊ ጠቕሚ ኣይኮነን። "እምበኣርሲ ጊዜ ከሎና ንኩሉ ሰብ ምናዳ ነቶም ብእምነት ኣኅዋትና ዝኾኑ፣ ሠናይ ንግበረሎም"(ገላ 6:10)። ከመይ ንሕና "ደቂ መዓልቲ ሰለ ዝኾንና፣ እምነትን ፍቕርን ከም ድርዒ ለቢስና፣ ናይ ድኅነት ተስፋ ከኣ ከም ቍራዕ ርእሲ ደፊእና ገዛእ ርእስና ብምግታእ" (1ተሰ 5:8)፣ በቲ ኃይሊ ዝህበና መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብዚ ምድራዊ ጉዕዞና ክንዕወት ንኽእል ኢና። ስለዚ ነፍስ ወከፍና ምስ ቅዱስ ጳውሎስ ኮይኑ "በቲ ኃይሊ ዝህበኒ ክርስቶስ ንኩሉ እኽእሎ እየ" (ፊል 4:13) ክብል ይደፍር። ብፍላይ እቶም ንሕዝበ እግዚኣብሔር እንጓሰን እንመርሕን ከኣ ከም ቅዱስ ጳውሎስ፣ "ነዚ ብምሕሳብ ኣምላኽና ንጽዋዓኡ ብቑዓት ምእንቲ ኪገብረኩም፣ ብኃይሉ ከኣ ነቲ ሠናይ ቍርጺ ፍቓድን ናይ እምነትኩም ተግባርን ኩሉ ምእንቲ ክፍጽመልኩም ከየብኰርና ምእንታኹም ንጸሊ ኣሎና"(2ተሰ 1:11) እናበልና ንምእመናንና ነተባብዖዮም። "ነቶም ኣመንቲ ብቃል በካይዳ፣ ብፍቕሪ ብእምነት ብንጽሕናውን ኣርኣያ ኩኖም" (1ጢሞ 4:12) ከምዝተባህለ ንሕና ከኣ ነዚ ክንገብር በቲ ሊቀ ካህናትን ሕያዋይ ጓሳን ዝኾነ ክርስቶስ መዝነት ተቐቢልና ኢና እሞ ቅድሚ ብቃል ምስባኽና ብግብርና ንሕዝብና ኣብነት ክንኮኖም ከምዝተለኣኽና ወትሩ ክንዝክር ኣገዳሲ እዩ። መዓልቲ መጸ "ብሠናይ ግብሪ ዘበለ ኩሉ ፍረ እናፈረኹም፣ ብፍልጠት ኣምላኽ እናዓበኹም፣ ንእኡ ዘበቅዕ ሕይወት እናነበርኩም፣ ንጐይታ ብኩሉ ምእንቲ ከተሓጉስዎ ንጸሊ ኣሎና"(ቆላ 1:10) እናበልና ንዓበይትን ንናእሽቱን ኣብ እምነቶም ክድልድሉ ንሓግዞም።

ኣብዚ እንጅምሮ ዘሎና ሓዲስ ዓመት እምበኣር ኣብ ዕለታዊ ጉዕዞና ንምኽሪ ቅዱስ ጴጥሮስ ጽን ኢልና ምስማዕ ጥራይ ዘይኮነ በብሓደ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ እውን ንተዓጠቕ።"ስለዚ ብኩሉ ትግሃት እናተጋደልኩም ኣብ እምነትኩም ሕያውነት ወስኹ፣ ኣብ ሕያውነትውን ፍልጠት፣ ኣብ ፍልጠት ከኣ ምግታእ ርእስኻ፣ ኣብ ምግታእ ርእስኻ ድማ ዓቕሊ፣ ኣብ ዓቕሊውን መንፈሳውነት፣ ኣብ መንፈሳውነት ከኣ ኀውነት፣ ኣብ ኀውነት ድማ ፍቕሪ ወስኹ። እዚ ነገር እዚ እንተ ኣሎኩም፣ እናማዕበለውን እንተ ከደ፣ ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክፍልጠኩም እዩ። ሃኪያትን ዘየፍርዩንውን ኣይክትኮኑን ኢኹም" (2ጴጥ 1:5-8)። እዚ ይጽንሓለይ ዘይበሃል ኣገዳሲ ተግባራዊ መምርሒ ክኾነና ይግባእ። እምነት ብዘይግብሪ ምውቲ ስለዝኾነት፣ ነዚ ግሩም ትምህርቲ ቅዱስ ጳውሎስውን ብምስትውዓል ተረዲእና ኣብ ግብሪ ከነውዕሎ ንጽዓር።"ብዘተረፈ ኣኅዋተይ ሓቂ ዘበለ፣ ርዝነት ዘለዎ ኩሉ፣ ቅኑዕ ዘበለ፣ ንጹሕ ዘበለ፣ ተፈታዊ ዘበለ፣ ሠናይ ዜና ዘለዎ ኩሉ፣ ብሉጽ ወይ ምስጉን ነገር እንተ ኣልዩ፣ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ ሕሰቡ። ነቲ ካባይ ዝተመሃርኩምዎን፣ ዝተቐበልኩምዎን፣ ዝሰማዕኩምዎን፣ ኣባይ እውን ዝረኣኹምዎን ነገር ኩሉ ግበርዎ፣ ኣምላኽ ሰላም ከኣ ምሳኻትኩም ኪኸውን እዩ' (ፊል 4:8-9)። ኣብ መወዳእታኡ ከኣ፣ ናይቲ ንሕያዋንን ንሙታንን ክፈርድ ብክብሪ ዝመጽእ መድኃኔ ዓለም ጥዑም ድምጺ ክንሰምዕ ኢና። እታ ናይ መጨረስታ መምዘኒ ክርስትያናዊ ሕይወትና ግብራዊት እምነትና እያ ክትከውን እሞ፣ ዕለት ዕለት ብዝከኣለና መጠን፣ ነቲ ክርስቶስ ዝሃበና ሓዲስ ትእዛዝ፣-ብፍቕሪ እግዚኣብሔርን፣ ብፍቕሪ ብጻይን-ንነብር እንተኮይንና፣ "ሸዑ እቲ ንጉሥ በየማኑ ንዘለው፣ 'ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት' እቲ ዓለም ክፍጠር ከሎ ዝተዳለወልኩም መንግሥቲ ክትወርሱ ንዑ። ምኽንያቱ ከኣ ጠምየ ኣብላዕኩምኒ፣ ጸሚአ ኣስተኹምኒ፣ ጋሻ ኮይነ መጺአ ተቐበልኩምኒ፣ ዓሪቐ ከደንኩምኒ፣ ሓሚመ በጻሕኩምኒ፣ ተኣሲረ ኣጸናናዕኩምኒ----እቲ ንሓደ ካብዞም ዝንኣሱ ኣኃዋተይ ዝገበርኩምዎ ንኣይ ከምዝገበርኩምዎ፣ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ"(ማቴ 25:34-36) ክብለና ከሎ ዓብይ ሓጕስ ክሰምዓና እዩ።
ንኩልና ብሩኽ ሓንሰ-መስቀል ይግበረልና። ነዚ ሓዲስ ዓመት ከኣ፣ ዓመት ራህዋን ጽጋብን፣ ዓመት ፍትሕን ሰላምን፣ ይግበረልና።

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀ ጳጳሳት ዘመንበረ ኣሥመራ